Tigrinja

# መላለዪ ምስ ሕብረተሰብ

## - ንዓኻ ኣብ ሽወደን ሓድሽ ዝኾንካ

**መላለዪ ምስ ሕብረተሰብ፤ ብዛዕባ ሕብረተሰብ ሽወደን ንዓኻ ኣብ ሽወደን ሓድሽ ዝኾንካ ዚወሃብ ትምህርቲ እዩ። ብዛዕባ መሰላትካን ግዴታትካን ፍልጠት ክትረክብ ኢኻ። ብዛዕባ ዴሞክራሲን ብዛዕባ ኣቀዋውማ ሕብረትሰብ ሽወደንን ውን ክትመሃር ኢኻ። እዚ ትምህርትዚ ኣገዳሲ ሓበሬታት ክህበካ እዩ - ንናይ ሽወደን ህይወትካ ጽቡቕ መጀመሪ ዝኾነካ እዩ!**

እዚ ብዛዕባ ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ዘጋጥሙኻ ሕቶታት፤ ከም ንኣብነት ብዛዕባ ስራሕ፡ ትምህርቲ፡ መቐመጢ ገዛ፤ ሓለዋ-ጥዕናን ክንክን-ሕማምን ከምኡውን ስድራቤትን ዚምልከት እዩ። እቲ ትምህርቲ ብቛንቋኻ ወይ ብኻልእ ንስኻ እትመልኮ ቋንቋ እዩ ዚወሃበካ። ክትሰምዕ ኢኻ፤ ክትሓትት ኢኻ፤ ክትዛተ ኢኻ። እዚ ትምህርቲዚ ብነጻ ይወሃበካ!

## መን ክመሃር ይፍቀደሉ?

እዚ መላለዪ ምስ ሕብረተሰብ ዚብል ትምህርቲ፤ ንዓኻ ዕድሜኻ ካብ 18 ክሳብ 64 ዝኾነን ኣብ ሽወደን ሕድሽ ዝኾንካን ከምኡውን

- እግሪመትከሲ-መደብ ዘውጻእካ
- ወይውን ብስድራቤታዊ ምትእስሳር ዝመጻእካ እዩ። (ንመጀመረታ ግዜ ኣብ ሓደ ኮሙን ብድሕሪ 1 ጉንበት 2013 ዝተመዝገብካን እዩ።)

መላለዪ ምስ ሕብረትሰብ ንኽመሃሩ ዘይፍቀደሎም፡-

- ዜጋታት EES-ሃገራትን ደቂ ስዊዘርላንድን
- ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ቤትትምህርቲ/ጂምናስዩም
- ብስራሕ ናብ ሽወደን ዝመጹ
- ንትምህርቲ ፍቓድ ዝተዋህቦምን/ ኣጋይሽ ስነ-ምርምርን

## ትሕዝቶ ትምህርቲ

ኣብዚ ትምህርቲ 8 ቴማታት ይጠቓለል።

- ናብ ሽወደን ምምጻእ
- ኣብ ሽወደን ምቕማጥ
- ነብስኻ ምኽኣልን ምምዕባልን ኣብ ሽወደን
- ግለሰብኣዊ መሰላትካን ግዴታትካን
- ሓዳር ምምስራትን ኣብ ሽወደን ምስ ቆልዑ ምንባርን
- ኣብ ሽወደን ብኸመይ ከም ትጽሉ
- ኣብ ሽወደን ብኸመይ ጥዕናኻ ከም ትሕሉ
- ኣብ ሽወደን ምሽምጋል

## ምልከታ ምእታው

ምሳና ርክብ ብምግባር ክተመልክት ትኽእል።
ቴሌፎን: 08-508 35 443
ኤ-ፖስት: infosam@stockholm.se
ኣድራሻ ኢንተርነት: www.nyistockholm.se
ኣድራሻ: Hornsgatan 124, plan 3 (SFI)

ብዛዕባ እቲ ትምህርቲውን ገለ ሕቶታት ምስ ዚህልወካ ውን ምሳና ርክብ ግበር።

## ብደሓን ምጹ!

Stockholms stad

ቴሌፎን: 08-508 35 443
ኤ-ፖስት: infosam@stockholm.se
ኣድራሻ ኢንተርነት: www.nyistockholm.se
ኣድራሻ: Hornsgatan 124, plan 3 (SFI)

**ምኽሪ!** እዚ **www.informationsverige.se** ኣድራሻ ኢንተርነትዚ፤ ንዓኻ ኣብ ሽወደን ሓድሽ ዝኾንካ፤ ናይ ኢንተርነት መእተዊኻ መርሖ እዩ። ኣብዚ ብዙሕ ብዛዕባ ሕብረተሰብ ሽወደን ክተንብብ ኢኻ። ኩሉዚ ሓበሬታዚ ብብዙሕ ቋንቋታት ተቐሪቡ ኣሎ።